# ኣብ ልዕሊ ቖልዑ ብዛዕባ እተፈጸመ ጾታዊ ገበናት ዘይምሕባር

ቆልዑ ኻብ ጾታዊ ገበናት ብዝያዳ ምእንቲ ኽዕቈቡ እቲ ሕጊ ብዝያዳ ተሪሩ ኣሎ።

ቅድሚ 5 ሓምለ 2021 እተወሰኑ በጽሕታት ጥራይ እዮም ብዛዕባ ንቖልዑ ኽም ዝጐድኡ እተጠርጠረ ነገራት (እንተላይ እተጠርጠረ ጾታዊ ዓመጽ) ንዝምልከቶም ኣካላት ክሕብሩ ሕጋዊ ግዴታ ነይርዎም።

ካብ 5 ሓምለ 2021 ጀሚሩ ወጺኡ ዘሎ [ሓድሽ ሕጊ]፡ ዝዀነ እኹል ሰብ (በጽሒ) ሓደ ካልእ በጽሒ ኣብ ልዕሊ ሓደ ቘልዓ ብዛዕባ ዝፍጽሞ ጾታዊ ዓመጽ ንፖሊስ እንተ ዘይሓቢሩ ከም ገበን ከም ዝቘጸር ገይርዎ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ኩሎም እኹላት ሰባት፡ ከምኡ ንኽይገብሩ ቅቡል ምኽንያት ክሳዕ ዘይብሎም፡ ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ብዛዕባ ዝፍጸም ጾታዊ ገበናት ንፖሊስ ክሕብሩ ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣብዚ ሕጊ እዚ፡ *ቆልዓ* ክብሃል ከሎ፡ ዕድሚኡ ትሕቲ 16 ንዝዀነ ሰብ ወይ ድማ [ናይ ኣእምሮ ጸገም] ንዘለዎ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዝዀነ ሰብ የመልክት።

## ኣብ ቆልዓ ዝፍጸም ጾታዊ ገበን

*ጾታዊ ገበን ቆልዓ* ኣብ ልዕሊ ሓደ ቘልዓ ዝፍጸም ምስ ጾታዊ ነገራት ዝተሓሓዝ ገበን ኰይኑ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

- ጽዩፍ ኣተሓሕዛ ቘልዓ
- ምስ ቆልዓ ዝፍጸም ዝዀነ ዓይነት ጾታዊ ርክብ
- ምዕማጽ ወይ ምግሳስ
- ምስ ናይ ቀረባ ዘመድ ዝግበር ጾታዊ ርክብ
- ንቖልዓ (ወይ ንወለዱ ወይ ንኣላይኡ) ንጾታዊ ዕላማ ኢልካ ምምልማል
- ቆልዓ ኽምዝመዝ ከሎ ዘርኢ ነገር ምድላው
- ምስ ቆልዓ ጾታዊ ዝምድና ምምስራት

ብዛዕባ [ኣብ ልዕሊ ቖልዓ ዝፍጸም ጾታዊ በደል] ዝያዳ ፍለጥ።

## ዘይምሕባር

እዚ ብዛዕባ ዘይምሕባር ዝገልጽ ሕጊ፡ ዕድሚኡ ልዕሊ 18 ንዝዀነ ኩሉ ሰብ (ማለት፡ ንኹሎም እኹላት ሰባት) ይምልከት።

ካብ 5 ሓምለ 2021 ጀሚሩ፡ ሓደ እኹል ሰብ፡ ከምኡ ንኽይገብር ቅቡል ምኽንያት ክሳዕ ዘይብሉ፡ ሓደ ቘልዓ ግዳይ ጾታዊ ዓመጽ ይኸውን ከም ዘሎ ወይ ኰይኑ ኸም ዝፈልጥ ምኽንያታዊ እምነት ዘለዎ (ወይ ክህልዎ ዝግባእ) እንተ ዀይኑ ንፖሊስ ክሕብር ኣለዎ።

## ምኽንያታዊ እምነት

*ምኽንያታዊ እምነት* ሓደ ምኽንያታዊ ዝዀነ ሰብ ኣብ ሓደ ኵነታት ወይ ኣብ ሓደ ሓበሬታ ዝምስርቶ እምነት እዩ። ምኽንያታዊ እምነት ክምስረት ወይ ከይምስረት ኩሉ ሳዕ ኣብቲ ኹነታት ዝምርኰስ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኩነታት ምኽንያታዊ እምነት ክምስረት ይኽእል እዩ፡-

- ሓደ ቘልዓ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘወረዶ እንተ ገሊጹ
- እቲ ቘልዓ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘወረዶ ዝሕብር ምልክታት እንተ ኣልዩዎ።

ብዛዕባ [ሓደ ቘልዓ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘወረዶ ክሕብር ዝኽእል ምልክታት] ዝያዳ ፍለጥ።

ከምኡ ንኽይትገብር ቅቡል ምኽንያት ክሳዕ ዘይብልካ፡ ሓደ ቘልዓ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘወረዶ ወይ ኣብ ሓደጋ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘሎ ምኽንያታዊ እምነት እንተ ኣልዩካ፡ ንፖሊስ ክትሕብር ኣለካ።

## ቅቡል ምኽኒት

ኣብ ልዕሊ ሓደ ቘልዓ ብዛዕባ እተፈጸመ ጾታዊ ዓመጽ ከይሓበርካ እትሓልፈሉ *ቅቡል ምኽኒት* እንታይ ምዃኑ ኣብቲ ሕጊ ብሰፊሑ ኣይተገልጸን። ነዚ ዝስዕብ ግና ከጠቓልል ይኽእል፡-

- ብዛዕባ እቲ በደል ድሮ ንዝምልከቶ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሓቢርካ እንተ ዄንካ፡ ወይ እውን ካልእ ሰብ ድሮ ከም ዝሓበረ ወይ ክሕብር ከም ዝዀነ ፈሊጥካ እንተ ዄንካ—ንኣብነት፡
  - ኣላዩ ሕሙማት እንተ ዄንካ እሞ ድሮ ንኣገልግሎት ድሕንነት ቆልዑ እንተ ሓቢርካ
  - መምህር እንተ ዄንካ እሞ እቲ ርእሰ መምህራን ወይ ካልእ መምህር ብመሰረት ካልእ ሕግታት ድሮ ብዛዕባ እቲ በደል እንተ ሓቢሩ
- ብዛዕባ እቲ ሕጂ እኹል ሰብ ኰይኑ ዘሎ ግዳይ ሓበሬታ እንተ በጺሑካ እሞ ንፖሊስ ክሕብር ከም ዘይደሊ ምኽንያታዊ እምነት እንተ ኣልዩካ
- ብዛዕባ እቲ በደል ምሕባር ማለት ንዓኻን ንኻልእ ሰብን (ብጀካ እቲ በዲሉ ክኸውን ዝኽእል ሰብ) ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ከም ዝዀነ ትኣምን እንተ ዄንካ።

ከም ኣገልግሎታት ድሕንነት ቆልዑ ዝኣመሰሉ ስልጣን ዘለዎ ዝምልከቶም ኣካላት ድሮ ተሓቢሮም እንተ ዀይኖም፡ ብዛዕባ እቲ በደል ንፖሊስ ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ።

## ሃይማኖታዊ ኑዛዜ

እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ኣብ እዋን ሃይማኖታዊ ኑዛዜ ወይ ምስኡ ብዝተሓሓዝ መገዲ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ቖልዓ እተፈጸመ ጾታዊ ገበን ሓበሬታ እንተ በጺሑካ ንፖሊስ ክትሕብር ከም ዘለካ ይገልጽ እዩ።

## መሰል (ሓለፋ)

ምስ ሃይማኖታዊ ኑዛዜ ዝተሓሓዝ ናይ ምግላጽ መሰናድዎ እኳ እንተሎ፡ እቲ (ሕጊ) ገበን ንመሰላት (ሓለፋታት)፡ ክጎስይ ተባሂሉ ኣይተሃቀነን፡ እንተላይ ንሞያዊ ሕጋዊ መሰላትን ንናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ኣገልግሎት ምልጋስ ምኽሪ መሰላትን የጠቓልል።

## መቕጻዕቲ

ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ተፈጺሙ ኪኸውን ከም ዝኽእል ብዛዕባ ዝእመነሉ ጾታዊ ገበን ንዝምልከቶም ዘይምሕባር ክሳዕ ናይ 3 ዓመት ማእሰርቲ ዘስዕብ መቕጻዕቲ የኸትል።

## ኣብ ሕሉፍ ብዛዕባ ዘጋጠመ ገበናት ምሕባር

ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ጾታዊ በደል ከም እተፈጸመ ምኽንያታዊ እምነት ከም ዝህልወካ ዝገብር ሓበሬታ ኣብ ወይ ድሕሪ 5 ሓምለ 2021 እንተ በጺሑካ፡ ብዛዕባኡ ከም ዘይትሕብር ዝገብረካ ቅቡል ምኽኒት ድማ እንተ ዘይብልካ፡ እቲ ዓመጽ ዋላ እውን ነዊሕ እዋን ይገብር እተፈጸመ ይኹን ንፖሊስ ክትሕብር ኣለካ።

እቲ ሓበሬታ ቕድሚ 5 ሓምለ 2021 ዝበጽሓካ እንተ ዀይኑ ግና ኣብ ትሕቲ እዚ ሓድሽ ሕጊ እዚ ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ግዳይ ኣብዚ እዋን እዚ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 እንተ ኾይኑ፡ ብመሰረት ካልእ ናይ ምሕባር ግዴታታት ክትሕብር የድልየካ ይኸውን፣ ንኣብነት፡ [ግድነታዊ ሕግታት ምሕባር] ዝምልከተካ እንተ ኾይኑ ንኣገልግሎት ድሕንነት ቆልዑ ምሕባር።

ብዛዕባ እቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ክትሕብር ሕጋዊ ግዴታታት ዘይብልካ ኸነሱ እውን ንፖሊስ ክትሕብር እንተ ደሊኻ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

## ሕጂ እኹል ሰብ ኰይኑ ዘሎ ግዳይ

እቲ ግዳይ ሕጂ ዕድሚኡ ልዕሊ 18 እንተ ኾይኑ (እቲ በደል ከጋጥም ከሎ ግና ቆልዓ እንተ ነይሩ)፡  ኣብ ወይ ድሕሪ 5 ሓምለ 2021 ሓበሬታ እንተ በጺሑካ፡ ብዛዕባ እቲ በደል ንፖሊስ ክትሕብር ከድልየካ እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ሰብ ብዛዕባኡ ንፖሊስ ክሕብር ከም ዘይደሊ ምኽንያታዊ እምነት እንተ ኣልዩካ፡ ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ።

ካልእ ቅቡል ምኽኒት እንተ ኣልዩካ እውን ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ

## ንኣብነት

### ኵነት 1

ምስ ኣባላት ስድራቤት ወይ ፈተውቲ ኼንኩም ባርቢኵ ትገብሩ ኣለኹም። ጓል 14 ዓመት ዝኾነት ጓል ሓብትኻ/ሓውኻ ኣብታ መዓልቲ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሓደ ናብቲ ምትእኽኻብ ዝመጸ ወዲ 18 ዓመት ናብ መደቀሲ ኽፍሊ ወሲዱ ጥራይ ነብሳ ኾይና ኽም እትስኣል ከም ዝገበራ ነጊራትካ።

እንታይ ክትገብር ኣለካ፧

ነዚ ሓበሬታ ንፖሊስ ክትሕብር ኣለካ።

እቲ ወዲ 18 ዓመት ንቖልዓ ዝምዝምዝ ነገር ብምግባር ወይ ንቖልዓ ብጽዩፍ መገዲ ብምሓዝ በደል ፈጺሙ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ኽይሓበርካ ምሕላፉ በደል ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ኵነት 2

እኹል ሰብ ዝኾነ መጻምድትኻ 5 ዝዕድሚኡ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ብጐረቤቱ ጾታዊ ዓመጽ ከም ዝወረዶ ይነግረካ። እቲ መጻምድትኻ ንፖሊስ ጥርዓን ከቕርብ ከም ዘይደሊ ይሕብረካ።

እንታይ ክትገብር ኣለካ፧

እቲ መጻምድትኻ ኣብዚ እዋን እዚ እኹል ሰብ ኰይኑ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ሓበሬታ ናብ ፖሊስ ከተመሓላልፎ ኸም ዘይደሊ ድማ ምኽንያታዊ እምነት ስለ ዘለካ፡ ነቲ ጾታዊ በደል ቆልዓ ንፖሊስ ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ—ቅቡል ምኽኒት ኣለካ።

# ብዛዕባ በደል ብኸመይ ትሕብር

ብዛዕባ በደል ንምሕባር፡ ናብ መስመር ፖሊስ (PoliceLink) ኣብ 131 444 ደውል።

ህጹጽ ኵነታት እንተ ኾይኑ፡ ናብ ሰለስተ ዜሮ ደውል (000)።

ኣብ ስራሕ ብዛዕባ ዘለካ ናይ ምሕባር ግዴታታት ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ንሓላፊኻ ኣዛርቦ ወይ ኣብ ትካልካ ንዘለዉ ቈጸርቲ ሰራሕተኛታት ደውለሎም።

ብዛዕባ ምሕባር ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ [ሕጋዊ ምኽሪ] ክትረክብ ትደሊ ትኸውን።

# ዝያዳ ሓበሬታ

ንግዳያት ዝኸውን ሓገዝ፡ ሓበሬታ፡ ከምኡ እውን ምኽሪ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ፡-

- [ሓገዝ ግዳያት ኲንዝላንድ (Victim Assist Queensland)]
- [ንቖልዑ ዝኸውን ሓገዝ] ኣብ 1800 55 1800

Queensland Government

- ኣገልግሎት ጥዕና ስድራቤት ኣቦርጅንን ቶረስ ስትረይት ኣይላንደርን።

## ምስዚ ዝተሓሓዝ

ካብዚ ስራሕ ወጻኢ፡ ክፍሊ ቖልዑ፡ ፍትሒ መንእሰያትን ባህላዊ ጉዳያትን (ምስ DJAG ብምትሕብባር) ንቖልዑን ንመንእሰያትን ኣገልግሎት ካብ ዝህቡ ትካላት ብዛዕባ ምሕላው መለክዒታት ድሕንነት ቆልዑን ኣብ ኲንዝላንድ ብዛዕባ ንዝምልከቶም ክሕበር ናይ ዘለዎ ባህርያት ምስረታን ርእይቶታት ኣኪቦም እዮም። እቲ ምእካብ ሓበሬታ ኣብ 23 ሚያዝያ 2021 ተዛዚሙ።